# ምጸታት

## ብ.ገብረሚካኤል ሃብተጽዮን (ቆሪጆ ሃገር ጀርመን)

*ንመንእሰያትና ዘሳቂ ዝርሸን*
*ንኹሉ ጉዳይ ሃገር ንበይኑ ዝውስን*
*ነደታት ዘንብዕ ንኣቦታት ዘቃዝን*
*ንለውጢ ዝሓተቱ ኣብ እስሪቤት ዘማስን*
*ልቅብቃብ ኣኻኺቡ ንደቀባት ዘዋስን*
*ይኣኽለና በሎ ኣይትበል ምሽክንክን*
*እንታይ ኣምረጸካ ምስኡ ንኽትውስን*
*ንዓ ታሪኽ ስራሕ ምስ ህዝብኻ ወስን*
*ውዲታት ህግድፍ ንኽመክን*
*ንህዝብኻ ንዓ ኩኖ መድሕን*
*እፎይታ ክረክብ ህዝብና ክቀስን።*

*እቶም ጭንግዓቱ ንውልቀ ዝምጉሱ*
*ንባህልታትና ሃይማኖታትና ዘራኽሱ*
*ሃገር ማዕቢላ እንዳበሉ ዝጉስጉሱ*
*ብ.ኽልተ ኣእዳዎም ዝኹልሱ*
*ዘይሓንኩ ትፍኣም ዝልሕሱ*
*ሓዳር ዝበታትኑ ኣሕዋት ዘባእሱ*
*መጽረይ ኣፎም ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ*
*ዝተጣላቀዩ ዝተርከሱ*
*ዝተባህሎም ዝዛረቡ ሓንቲ ክይሓወሱ*
*ምስ ስርዓት ህግድፍ ይቌሽመዱ ይደምሰሱ።*

*ንዓኻትኩምየ በዓል ኣቶ መሸተ*
*ንስሚ መንእሰያትና ንውግእ ዘኽተተ*
*ብህዝብና ዝሓጬጬ ቁማር ዝተጻወተ*
*እኽብካብ መልሚሉ ደቀባት ዘጽነተ*
*መብጻዓኡ ዝጠለመ ንስልጣን ዘቋመተ*
*ኩሉ ሃብቲ ሃገር ዝገበተ*
*ገዳይ ገዳይ ዘብዝሕ ዝሃውተተ*
*መንገዲ ሰላም ዝተሓሰመ ዘንሻተተ*
*ብ.ኽልተ ካብ ሚኢቲ ሃብቲ ዘኻዕበተ*
*ህዝብኹም እንዳ ተሳቀየ እንዳሞተ*
*እንዳ ተረሸነ ለውጢ ዝሓተተ*
*ነዚ ጸረ ህዝቢን ሃገርን ክትብሉ መኸተ።*

*ህዝቡ ዝጠለመ ደቂሱ ነይሓድር*
*መንግስትና እንዳበለ ሓሶት ዘቃናብር*
*ንባዓል ቅንጅት ሓቂፉ ንካልኣት ዘማርር*
*ጸረ ሰላም ውግኣት ዘሳውር*
*ታሪኹ ዘጻባብቐ ታሪኽ ህዝብና ክቀብር*
*ፍሹል ውርደተኛ ከቢሩ ዝሓስር*
*ንደቀባት ንምጽናት ከይደቀሰ ዝሓድር*
*ደቆም ዝኸፈሉ ሕርር ኢሎም ኩምትር*
*ኢሰያስ ገበተ ከም ድላዩ ክዕንድር*

ኣደኻ ከትኩምተር ኣቦኻ ከስቁርቁር
መሬየትካ ከሸየጥ ባይቶኻ ከድፈር
ዝዘንጋዕካ ሕሰብ ተማራመር
ዝባዕገግካ ተንስእ ተባራበር
ስመር ወዲ ሃገር ስመር
መሓውራት ህግድፍ ንክስበር።

ዓለቕቲ ከለዉ ጽሩይ ማይ ነይስተ
ወይልኡ ተበላጺ ረብሓኡ ዝጠመተ
መጋበርያ ህግድፍ ንህዝቡ ዘካላበተ
ብህዝቡ ዘሽካዕለለ ዝተጻወተ
ብኣውራጃ ሃይማኖት ህዝቢ ዘናቆተ
ጽባሕ ክወግሕዩ ሕጂ ተጸልመተ
ኩሉ ተሓታታዩ ንህግድፍ ዝመጽወተ።
ዓወት ንውጹዕ ህዝብና
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰው ኣትና
ሞት ንስርዓት ህግድፍን ጭንግዓቱን
ይቅጽል